ከምዝተገልጸ፡ ሕዝቢ ኢሮብ ባዕሉ ካብ ወለዶ ናብ ወለዶ እናኣመሓላለፈ ከም ቅርሲ ብዝሕዞን ብዝኣምነሉን ኣመጻጽኣ ዓለቱን ወለዶኡን፡ ምስ ሰፊሕ ሕዝቢ ዓጋመን ትግራይን ዘዋልዶ፡ ብኢትዮጵያውነቱ ዘሐብኖ ናይ መንነቱ መፈለጥታን መግለጽን ስሙ ኢዩ።





# ትምህርቲ ዝኃዘሉ ምስላታት ኢሮብ ብሳሆኛ

ምስላታት እናተጠቐምካ ምዝራብ ካብቶም ሎሚ ተዛረብቲ ሳሆ ዝኾኑ ኢሮብ እንካብ ዘዘውትርዎ ልሙድ ባህልታቶም ሓደ ኢዩ። እዙይ ከዓ፡ ኣብ ተራ ዕላል፡ ኣብ ምኽሪ፡ ኣብ ክትዕ (ሙጉት)፡ ኣብ መደረ፡ ኣብ ዕርቂ፡ ኣብ ምትሕዝዛን፡ ወዘተ. ሓሳብን ዘረባን ኣማዕሪጎምን ኣጸቢቖምን ንከረድኡ ከከም ኣድላይነቱን ኩነታቱን ምስላ ገይሮም ይዛረቡ። እዘን ምስላታት ብዙኅ ብስለት ናይ ኣተሓሳስባን ትምህርትን ዝኃዛ እንክኾና፡ ከም ኣብ ኵሉ ካልእ ቋንቋታት፡ ትርጉም ነገራትን ሓሳባትን ብዝቐለለን ብዝዝከርን መገዲ ንምስታፍ (ንክተረድእ) ዓቢ.ይ ደገፍን መጋበርን ይኾና።

ኣብ ቋንቋ ሳሆ ካብ ዝዘውተራ ምስላታት ከስ እዘን ዝስዕባ ክጥቀሳ ይከኣል። ትርጉመን ከዓ ኣብ ቅንፍ ተጽሒፉ ይርከብ።[58] እንተኾነ ግን፡ ከምቱ ሓደ ቋንቋ ናብ ካልእ ቋንቋ ክትርጉም እንከሎ ምሉእ ብምሉእ ክመጽእ ዘይኽእል፡ ኣብ ቋንቋ ትግርኛ ዘይርከባ ምስላታት'ውን ናብ ትግርኛ እንክትርጐማ ኣብ ሳሆኛ ዘለወን ስነግጥማዊ ጣዕመንን ትክክለኛ ትርጉም-ሓሳበንን ተስተኻኺሉ ክመጽእ ኣይኽእልን።

- ሂንቲ' ዮያህ ኣቦ ኢሰህ ኣበም ማለ።
  (ዘይብሉ ይትረፍ ንኣይ ንባዕሉ ኣይገበረን)
- ሂስ ኣክየንቲ ሩጋ ዋህ ኣክየንቲ ኣዉር ያከ።
  (ሂስ ዝበልዎ ምራኽ ዋህ ዝበልዎ ብዕራይ ይኾን)
- ሃየ ሃየህ ዓሪ ሚያከ።
  (ብሃየ ሃየ/ግበረለይ ኢልካ ገዛ ኣይሥራሕን)
- ጋ'ዳ ማኪ.ይ ዓፊያት ኣካህ ኦሖየቲ ይማዓዋቲና።
  (ይትረፍዶ ሃብቲ ጥዕና ዝሃብኩዎ'ውን ኣየመስገነንን በለ ኣምላኽ)
- ሆ'ኒ ሚዷ-ማሊ በዐራ።
  (ሆኒ'ስያ ብዕራይ-ዓሻ)
- ለለዕ ጋዳሊ ማለ ባር ባሐንታ ማለ።
  (ሃብታም መዓልቲ ድኻ ለይቲ የለን)
- ለለዒድ ጋዳ'ሊ ያነ።
  (ኣብ መዓልታት ሃብታም/ዕድለኛ ኣሎ)
- ለለዕለ ኣይሮ ባርለ ኣልሳ ዱይታ ሳጋ ዋይታም ማለ።

[58] ገሊኣን ምስላታት እንካብ ትግርኛ ናብ ሳሆኛ እናተርጐምካ ዘገልግላ እውን ኣሎዋ።